City of Seattle

# ዝለዓለ ናይ ሓደጋ ምክልኻል ሕግታት (ERPO)

## ህጹጽ ረዲኤት ክትሕብሩ ምስ እትድልዩ፡ ብኽብረትኩም 911 ደውሉ።

ዝለዓለ ናይ ሓደጋ ምክልኻል ሕግታት (ERPO) ስድራቤታት፡ ኣባላት ስድራቤት ከምኡ'ውን ኣባላት ኣኽበርቲ ሕጊ፡ ናይ ኣእምሮ ጸገማት ዘለዎም ሰባት ካብ ምውናን ወይ ድማ ምዕዳግ ኣጽዋር ብናይ ቤት ፍርዲ መስርሕ ደው ንኽብል የሐይል። ነፍሲ-ወከፍ ዝለዓለ ናይ ሓደጋ ምክልኻል ሕግታት (ERPO )ፍቓዳት፡ እቲ ዝዝረበሉ ዘሎ ኣካል ሰብነቱ ንምህሳይ ወይ ድማ ንካልኦት ንምህሳይ ጎነጻዊ ዝኾነ ተግባራት እንተ ኣርእዩ ብቤት ፍርዲ ንኽፍቀደሉ ግምገማ ይካየድ።

ዝለዓለ ናይ ሓደጋ ምክልኻል ሕግታት ኣብ መላእ ስተይት ዝተዘርግሐ ኮይኑ፡ ኣብ ስያትል ጥራይ እተሓጽረ ኣይኮነን።

## ዝለዓለ ናይ ሓደጋ ምክልኻል ሕግታት እንታይ ክገብር ይኽእል?

ዝለዓለ ናይ ሓደጋ ምክልኻል ሕግታት ንሓደ ሰብ ኣጽዋሩ ንክረክብ እዩ ዝእዝዝ። ኣጽዋር ምዕዳግ ወይ ድማ ክትውንን ዘይሕጋዊ እዩ። ንሓደ ሰብ ሕቡእ ዝኾነ ናይ ሽጉጥ ልቸንሳ ንኽይሕዝ ይኽልክል ከምኡ'ውን ኣቐዲሙ ልቸንሳ ምስ ዝጸንሖም ድማ ንኽረክብዎ ይእዝዞም።

## እዚ ክሲ ኣንጻር መን ዝቐንዐ እዩ?

ሓደ ሰብ ኣጽዋር ብምሓዙ ንነብሱ ወይ ድማ ኣብ መጻኢ ንካልኦት ንኽሃሲ ኣሰካፊ ዝኾነ ጠባያት ዘርኢ። ንኽምዚ ዝኣመሰለ ስግኣታት ዝገልጹ ረቛሒታት ከም ጎነጻዊ ባህሪ፡ ምፍርራህ ነብሰ-ምጉዳእ፡ ሓደገኛ ጥዕና ኣእምሮ፡ ከምኡ'ውን ናይ ኣልኮላዊ መስተን ሓሽሽን እተጋነነ ምውሳድ ከጠቓልል ይኽእል። እቲ ሓደገኛ ክኸውን ዝጥርጠር ሰብ ከም ተኸሳሲ እዩ ዝፍለጥ።

## መን'ዩ ነቲ ትእዛዝ ዝጠልቦ?

ስድራቤታት ወይ ኣባላት ስድራቤት ወይ ድማ መኮነን ኣጽናዕቲ ሕጊ ወይ ወከልቲ ንቤት ፍርዲ ትእዛዝ ንኽህብ ጽሑፋዊ ፍቓድ ይሓቱ። እቲ ትእዛዝ ዝጠልብ ዘሎ ሰብ "ከሳሳይ" ኢዩ ዝፍለጥ። ሕጊ ንስድራቤት ወይ ድማ ኣባላት ስድራቤት ከምዚ ዝስዕብ ይገልጾም፡

- ናይ ደም፡ መርዓ ዝምድና ዘለዎም ሰብ ወይ ድማ ነቲ ተኸሳሳይ ዘዕቁብዎ፥
- ናይቲ ተኸሳሳይ ናይ ፍቕራዊ ርክብ ዘለዎ መናብርቲ
- ምስቲ ተኸሳሳይ ተመርዕዩ ወይ ድማ ንንውሕ ዝበለ ግዜ ብሓሳንሳብ ነቢሩ ብዘየገድስ፡ ሓባራዊ ውላድ ዘለዎ ሰብ፥
- ምስ ተኸሳሳይ ዝነብር ወይ ድማ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ዝነብር ዝነበረ ሰብ፡
- ምስ ተኸሳሳይ ኣብ ቤት ብሓንሳእ ዝነብር፥
- ምስ ተኸሳሳይ ብስጋዊ ወይ ድማ ሕጋዊ ዝምድና ናይ ወላዲ ዝምድና ዘለዎ፡ ዋላ ሰይተኣቦን ሰብኣይኣደን ከምኡ'ውን ኣቦሓጎታትን እነሓጎታትን ዘጠቓለለ ወይ ድማ፥
- ናይቲ ተኸሳሳይ ሕጋዊ ኣላዪ ኮይኑ ዘሎ ወይ ድማ ዝነበረ።

ኣገዳሲ ዝኾነ ዝምድና ምስ ዘይህልወካ ወይ ድማ ናብ ቤት ፍርዲ ትእዛዝ ክቐመልካ ምስ ዘይምችኣካ፡ ንፖሊስ ብዛዕባ እቲ ጉዳይ ክትነግሮም ትኽእል ኢኻ፡ ንሳቶም ድማ ክሕግዙኻ እዮም።

## ከመይ ጌረ ዝለዓለ ናይ ሓደጋ ምክልኻል ሕግታት (ERPO) ክሓትት ይኽእል?

ኢመይል ERPO@kingcounty.gov ኣኽበርቲ ሕግን ሰራሕተኛታት ኣባላትን ዝርከቡሉ ካብ **ሶኑይ-ዓርቢ** ኣብ ናይ ስራሕ

ሰዓታት ንኽሕግዙኻ፡ ከምኡ'ውን ናብቲ ልክዕ ዝምልከቶ ኣጥባቒ ናይ ሕጊ ወኪል ምእንቲ ክሰዱኻ ጽሓፈሎም። (ብናይ ዓድኻ ቋንቋ ኢመይል ክትጽሕፈሎም ትኽእል ኢኻ።)

## ዝለዓለ ናይ ሓደጋ ምክልኻል ሕግታት (ERPO) ክትሓትት ምስ እትደሊ፡ ኣኽበርቲ ሕጊ ውሑስ ዝኾነ መደብ ክህልወካ ይላበዉኻ። ንሓንቲ ካብዘን ዝስዕባ ብሕብረተሰብ ተመርኲሰን፡ መኽሰብ ዘይብለን ማሕበራት ንተወሳኺ ሓበሬታ ተወከሰን፡

- [API Chaya] - (877) 922-4292 (ኤስያ/ናይ ፓሲፊክ ደሴታት ቋንቋታት)
- [Asian Counseling and Referral Service] - (206) 695-7600 (ኤስያ/ናይ ፓሲፊክ ደሴታት ቋንቋታት)
- [Consejo] - (206) 461-4880 (ቋንቋታት ስፓኒሽ)
- [Refuge Women's Alliance (ReWA):] (206) 721-0243 (ትግርኛ)

ካብ ኢንተርነት ኣውሪድካ ንERPO ፎርም [ኣብዚ] ምላእ (ብቋንቋ ኢንግሊዘኛ ጥራይ)።

## ጌና ዘይበርሃለይ ሕቶታት ኣለኒ።

ብዛዕባ ዝለዓለ ናይ ሓደጋ ምክልኻል ሕግታት (ERPO) ብቐጻሊ ንዝሕተቱ ሕቶታት ዝኸውን መልሲ፡ ኣብ [Protectionorder.org ERPO FAQ] ተወከሱ (ሓበሬታ ብቛንቋ ኢንግሊዘኛ ጥራይ እዩ ዘሎ)።

እዛ መርበብ ሓበሬታ ብከሰስቲ፡ ተኸሰስቲ ከምኡ'ውን ሓፈሻዊ ህዝቢ ከመይ ጌሩ ዝለዓለ ናይ ሓደጋ ምክልኻል ሕግታት ኣብ ስተይት ዋሺንግተን ከጥቀመሉ ከም ዘለዎ ብዙሕ ሓበሬታ ኣለዋ።

## ምንጭታት ዝለዓለ ናይ ሓደጋ ምክልኻል ሕግታት (ERPO)

[Washingtonlawhelp.org - ናጻ ሕጋዊ ንትሑት ኣታዊ ዘለዎም ሰባትን ላዕለዎት ሓለፍትን መምርሒ]